ናይ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮ

# FRATELLI TUTTI

ዘርእስቱ ዓዋዲ መልእኽቲ

ዛዕባ ሕውነትን ማሕበራዊ ምሕዝነትን

## እንታይ እዩ?

ሳልሳይ ናይ ር.ሊ.ጳ. ፍራንቸስኮ ዓዋዲ መልእኽቲ ድሕሪ ናይ እምነት ብርሃን (2013 ዓ.ም.)ን ይሴባሕ (2015 ዓ.ም.):

ዕለት 3 ትቅምቲ 2020 ዓ.ም. ተኸቲማ፡

## ኣብ ምንታይ ዝተመስረተት እያ?

- ምስቲ ኣብ መወዳእታ ዓመታት ንር.ሊ.ጳ. ኣዚዩ ዘሻቕል ዝኾኖም ጉዳይ ሕውነታውን ማሕበራዊ ምሕዝነትን ምስ ዝምልከቱ ሕቶታት  ዝተኣሳሰር እዩ፡
- ኣብ ወርሒ ለካቲት 2019 ዓ.ም. ኣብ ኣቡ ዳቢ ምስ ዓቢይ መምህር ኣሕማድ ኣል-ጣይብ ብሓባር ዝተኸተመ ኣብቲ ሰብኣዊ ሕውነት ምእንቲ ሰላም ኣብ ዓለምን ሓባራዊ ናብራን ዘርእስቱ ሰነድ ዝተገልጹ ፍረ-ነገራትን።

## ንመን ዝተጻሕፈ እዩ?

ንኹሎም ነቶም ነዚ ኣስተንቶን'ዚ ንዘተ ክፉት ንምኧን ንዘውዕልዎ፡

## ናይቲ ዓዋዲት መልእኽቲ ኣወዳድባ?

- ኵላትና ኣሕዋት ብሓደ መእተውን ሸሞንተ ምዕራፍን ዝተዳለወት እያ

**መእተዊ**
**ምዕራፍ 1**. ናይ ሓደ ዕጽው ዓለም ጽላሎት
**ምዕራፍ 2**. ኣብ መገዲ ሓደ መጻእተይና
**ምዕራፍ 3**. ሓደ ርሁው ዓለም ምሕሳብን ምፍጣርን
**ምዕራፍ 4**. ንመላእ ዓለም ሓደ ርሁውዝኾነ ልቢ
**ምዕራፍ 5**. ብሉጽ ፖለቲካ
**ምዕራፍ 6**. ዘተን ማሕበራዊ ምሕዝነትን
**ምዕራፍ 7**. ንሓደ ሓድሽ ናይ ምርኻብ ኪደት
**ምዕራን 8**. ሃይማኖታት ነገልግሎት ሕውነት ኣብ ዓለም

## እንታይ ከ የቕርብ?

- ንሕውነትን ንማሕበራዊ ምሕዝነትን ዝምልከት ዓዋዲ መልእኽቲ እዩ፡
- ኣብ ኵለንተናዊ ናይ ሕውነት ፍቕሪ ጠመቓዊ ትምህርቲ ማዕቅን ዘተኵረ፡
- ብሓደ ሓድሽ ናይ ሕውነትን ማሕበራዊ ምሕዝነትን ሕልሚ መልሲ ንምሃብ ምስትንታን፡
- ከም ሓደ እንኰ ሰብኣውነትን ብሓደ ዓይነት ሰብኣዊ ስጋ ከም ዝተፈጥሩ ተጓዓዝቲ ምሕላም፡

## እቲ ኣርእስቲ ካበይ ዝተወስደ እዩ?

- ኵላትና ኣሕዋት ናይ ቅዱስ ፍራንቸስኮ ዘኣሲዚ ኣገላልጻ እዩ (ተግሳ, 6.1)
- እቲ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ናይ ወንጌል መቐረት ዘለዎ ናይ ህይወት ኣገባብ ንምቕራብ እዩ፡
- ቅዱስ ፍራንቸስኮ ንኹሉ ሰብኣዊ ፍጥረት ኣቀማምጣ መልክኣ ምድርን ቦታን ክንየው ንዝብል ፍቕሪ ይዕድም፡

ጸሎት ምእንቲ  ሓድነት ክርስቲያን

"ነዓ መንፈስ ቅዱስ!
ናይቲ ብእግዚኣብሔር ናይ ዝተፈቐረ
ናይ ሓደ ሰብኣውነት ዝተፈላለዩ ወጅሀታቱ ንምልላይ
ኵሉ ኣገዳስን ኵሉ ኣኣድላይንምኺኑ ንኽነስተውዕል መታን
ኣብ ኵሎም ኣህዛብ ዓለም ናይ እዛ መሬት
ዝንጸባረቐ ጽባቒኻ ኣርእየና
**ኣሜን**

ናይ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮ

FRATELLI TUTTI

ዘርእስቱ ዓዋዲ መልእኽቲ

ዛዕባ ሕውነትን ማሕበራዊ ምሕዝነትን


# ናይ ሓደ ዕጹው ዓለም ጽላሎት

ር.ሊ.ጳ. ፍራንቸስኮ እቲ ንኩለተናዊ ሕውነት ዝጐድእ ዝምባለ ይዕዘቡ

**"ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናዓበየ ዝኸይድ ዓውሎማውነት ከም ሕብረተሰብ የቀራርበና እምበር ኣሕዋት ኣይገብረናን"**

**ናይ ሓደ ዝተዓጽወ ዓለም ጽላሎት ዝስተውዓለሎም መዳያቱ እየኖት እያቶም?**

- ኣብ ሕብረተሰብ ዝተዘርኤ ጐድለት ተስፋን ተጠራጣርነትን
- ዘተን ንናይ ሓባር ናብራን ዘይሕግዝ ውልተውናን
- ሰባት "መስዋዕቲ ክኾኑ ዝኽእሉ" ገርካ ምሕሳብን ይድርበዩን (ይጓሓፉን)
- ናይ መሰልን ክብርን ኢማዕርነትን ሓደስቲ ናይ ገልያነት ቀጥዕታትን
- ናይ ስነ ምግባር ምንቍልቛልን ምድኻም መንፈሳዊ ክብርታትን



ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ልዕሊ ዓበይቲ ቃላት ዝፍጸም ምድንጋራትን ነስተውዕል:

ደሞክራሲ **ፍትሒ**
**ናጽነት** ሓድነት

## ኣብ ቅድሚ እዚ ኹሉ'ዚ ኩላትና ኣሕዋት "እቲ ፍኖት ናይ ምቅርራብን ናይ ምርኻብ ባህልን" ከምዝኾነ የርእየና

እግዚኣብሔር ኣብ ሰብኣውነት ግሩም ዘርኢ ምዝራእ ይቐጽል፡

ሰናይን ፍቕርን ፍትሕን ምትሕብባርን ዕለት ብዕለት እትዕወቶም እያቶም፡

ተስፋ ንዓበይቲ ሚሳላት ርሀዋት ንኸይንኸውን ዝቐይደና ክንየው ጣዕምታት ይጥምት፡

ናይ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮ

# FRATELLI TUTTI

ዘርእስቱ ዓዋዲ መልእኽቲ
ዛዕባ ሕውነትን ማሕበራዊ ምሕዝነትን

## ሓደ ጋሻ ኣብ መገዲ

ኣብታ ናይ ሕያዋይ ጓሳ ምሳለኣዊ ታሪኽ እንረኽቦም ካልኦት ባህርያት ኣየኖት እያቶም?

- እቶም ጓሓሉን
- እቶም ሰገር ዝሓልፉን
- እቲ ዝተሃሰየን ዝተጠንጠነን ሰብ

ኣብ ቅድሚ እዚ ኩነት እዚ ከላትና ኣሕዋት ይብድሃና፡

?

ምስ መን ኢኻ እትመሳሰል? መን እዩ ጐረቤትካ?

“ኢየሱስ እቶም ንኣና ቀረባ ዝኾኑ መኖም እያቶም ቢልና ንኽንሓትት ዘይኮነ፡ ገዛእ ርእስና ቀረባ ንኽንገብር እዩ ዝሓትተና”



ኩላትና ኣሕዋት ዝቐሰለ ሕብረተሰብ ናብ ንቡር ህይወቱ ንኽምለስ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ ንጡፍ ኣካል ንምዃን የተባብዕ፡

ሎሚ ናይ ሕያዋይ ጓሳ ታሪኽ ይድገም፡

1. ጽሕፍቶነትን ወይ ውን ነሲብነትን ሽለልትነት ምኽንያታዊ ንኽገብር ይፍትን፡
2. ሕብረተሰብ ብዛዕባ ካልኦት ናብ ዘይምግዳስ የብል፡
3. ዓለም ምንጻል ከም ፍቑድ ይምልከቶ፡
4. ማሕበራውን ፖለቲካውን ዘይተገዳስነት ንርእይ፡

ፍቕሪ እቲ ሓው ካብዝን ካብትን ይኹን ኣየገድሰን፡



ፍቕሪ መቑሕ ይበትኽን ድልድል ይዝርግሕን፡

ኣብ ቅድሚ ኣብ ሽነኽ መገዲ ዝቖሰሉ ሰገር ትሓልፍ ዶ ወይ ከኣ ኣብ ቅድመኦም ደው ትብል?

ኣብ ቅድሚ ካብቲ ዝርኣይ ብዙሕ ዓይነት ስቓይን ቁስልን ዘናግፍ እንኰ መገዲ ከም ሕያዋይ ጓሳ ምዃን እዩ፡

# ሓደ ርሁው ዓለም ምሕሳብን ምፍጣርን

## ኢየሱስ፡ "ንስኻትኩምሲ ኩሉኹም ኣሕዋት ኢኹም" በሎም (ማቴ.23:8)

### ጸዋዕታ ኩላዊ ሕውነት ክፉት ምዃን ይጠለብ፡

- ሰብኣዊ ፍጥረት ምሉእነቱ ዝረክብ ንኻልኦት ገዛእ ርእሱ ኣብ ምውፋይ እዩ፡
- ፍቕሪ ዝለዓለን ንኻልኦት ናይ ምእንጋድ ብቕዓትን ወሰናስን ምውሃድን ይጠልብ፡
- ካብ ዶባት ክንየው ዝሰፍሐ ፍቕሪ ኣብቲ "ማሕበራዊ ምሕዝነት" መሰርት ዝገበረ እዩ፡



### ሰናይ ምንቕቓሕ ማለት ናብቲ ምሉእ ኩለንተናዊ ሰብኣዊ ምዕባለ ዘሰንይ ክብርታት ምንቕቓሕ ማለተ እዩ

## እዚ ብኸመይ እዩ ክዕተር ዝኽእል?

- ብማሕበረሰብነት ከም ፍጻሜ ምሕሳብን ምውሳእን፡
- መዋቕራዊ ናይ ድኽነትን ናይ ኢማዕርነትን ምኽንያት ብምውጋእ፡
- ንተኣፋፍያን ዝድግፍ ተዋፍሮ ዝሓትት መንግስቲ ህላወን ንጥፈትን፡
- ሓደ'ኳ ከይንጸል ውሕስነት ምሃብ፡
- ካብ ናይ ምትሕብባርን ኣገልግሎትን ዕውሉም ስነ ምግባር ብምብጋስ ዘላቒ ሰላም ምንዳይ፡

ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብኽብሪ ብምንባር ክቡርን ሰብኣዊ መሰልን ክብረትን ዘለዎ እዩ፡

# ንመላእ ዓለም ክፉት ዝኾነ ልቢ

## ኣየኖት መምዘንታት እያቶም ናብ ኩለንተናዊ ሕውነት ዘሰንዩ?

**1**

ኩሎም ዝስደዱ ሰባት ምእንጋድን ምክልኻልን ምንቕቓሕን ምውሃድን፡

**2**


ወይ ኩሉ እንተዘይኮይነ ሓደ'ኳ ንበይኑ ክድሕን ከምዘይክእል ዝብል ምስትውዓ ክስስን ምግባር፡

**3**

ንናይ ኩሎም ሕዝብታት ናይ ሓባራውነት ምዕባለ ዝብል ናይ ሕጊ ስርዓት ብዓለም ሓቆፍ ጽፍሕታንት ፖለቲካን ኤኮኖምን ናይ ሕጊ ስርዓት ምንዳይ፡

## ሞሳ እንታይ ማለት እዩ?

- ሓደ ነገር ብገዛእ ርእሱ ሰናይ ስለ ዝኾነ ምፍላጥ
- ከም መልሲ ውጽኢት ክዓትረሉን መልሲ ክትረኽበሉ ብዘይ ምህቃን ምዕያይ
- ነቶም ጭብጥ ድማፅ ከርኽቡ ዝኽእሉ ጥርሒ ዘይኮነ ንኹሎም መጻእተይናታት ምሕቛፍ



"ናይ ዘተፈላለያ ሃገራት ዓለም እውነተይና ክእለት ዝምዘን ከም ሰብኣዊ ስድራ ቤት ኣብ ምሕሳብ ብቑዓት እዩ፡ እግዚኣብሔር ወትሩ ብናጻ እዩ ዝጽግው"፡

## ነፍሲ ወከፍ ጥዑይ ባህሊ ብባህሪኡ ክፉትን ኣእንጋድን እዩ፡

ኣእምሮን ልብን ምኽፋት ነቲ ዝተፈልየ ንኽንርድኦ ይሕግዝ፡

ኣብ ኩላዊ ሱታፌ ነፍሲ ወከፍ ሰብኣዊ ጉጅለ ናይ ገዛእ ርእሱ ጽባቔ ይረክብ፡

ውሱን ዝኾነ ምኺናዊ ሰብ ኣልቦ ወሰን እዩ፡

ንጐረቤት ክፉት ናይ ምኺን ብቑዓት ኣብ ብሔራውያን ስድራ ቤት ይከኣል ዶ?

# ብሉጽ ፖለቲካ

"ፍቕሪ ብመሰረት ናይ ኢየሱስ ትምህርቲ፡ ናይ ኩሉ ሕጊ ጽማሬ እያ" (ማቴ. 22,36-40 ረአ)

## ሰናይ ፖለቲካ ኣብ ምንታይ ዝኞመ እዩ?

- ንናይ ሓባር ጥቕሚ ኣገልግሎት ዝዓዩ፡
- ድምጺ ውሑስ ንምግባር ዝደልይ ጥራሕ ኣይኮነን፡
- ውልቃዊ ምዕባለ ዝድግፍ መገዲ ዝመርጽ፡
- ናይ ምህርቲ ብዙሕነትን ናይ ትካላውነት ምህዞ ዝድግፍ ኤኮኖኖሚ ዘነቓቕሕ፡
- ብሰፊሕ ራእይ ዝሓስብ ኣብ መንጐ ዝተፈላለየ ክፍሊ ትምህርቲ ዘተ ዘጠቓልል፡

**ኩላትና ኣሕዋት ማሕበራዊ ሓልዮት ሕመረቱ ንዝገበረ ማሕበራውን ፖለቲካውን ስርዓት ይዕድም፡**

- ናብቲ ኩላትና ዝተጸዋዕናሉ ናብ ናይ ፍቕሪ ስልጣነ ንኽንበርኽ ይገብር፡
- ንኹሉ ብምሕቛፍ ነፍሲ ወከፍ ሰብኣዊ ፍጥረት (ሰብኣይን ሰበይትን) ከም ሓውን ሓብትን ንምፍላጥ፡
- ፍቕሪ እቲ ናይ ርትዕን እምነትን እውን ዝኾነ ናይ ሓቂ ብርሃን የድልዮ፡



"ማሕበራዊ ሓልዮት ናይ ሓባር ጥቕሚ ከነፍቅርን ብማሕበራዊ ዓቕኑ ብዘተኣሳስሮ ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ጥቅሚ ክድለይ ይገብር፡"

**ኣብ ፖለቲካዊ ንጥፈት ነፍሲ ወከፍ ሰብ ቅዱስን ናይ ነፍሲ ወከፍ ፍቕርን ተወፋይነት ዝግብኦ እዩ፡**

"ንሓደ ሰብ እውን ይኹን ብጽቡቕ ክነብር እንተድኣ ሓጊዝካ እዚ ንገዛእ ርእሱ ናይ ገዛእ ርእስኻ ሕይወት ጸጋ ምዃኑ ብቑዕ ምስክርነት እዩ፡"

ናይ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮ


# FRATELLI TUTTI

ዘርእስቱ ዓዋዲ መልእኽቲ
ዛዕባ ሕውነትን ማሕበራዊ ምሕዝነትን

## ማሕበራዊ ዘተን ምሕዝነትን

## “ምዝታይ” እንታይ ማለት እዩ?

- ምቅርራብን
- ምግላጽን
- ጽን ምብህሃልን
- ምርእኣይን
- ምፍላጥን ንምርድዳእ ምፍታንን
- ዘራኽብ ነጥቢ ምድላይን



### ኣብ ናይ ምርኻብ ባህሊ:

ካብ ኩሉ እትመሃሮ ነገር ኣሎ
ዘይረብሕ ሓደ`ኳ የልቦን
ሓደ’ኳ ትርፊ ኣይኮነን

### ሓደ ብዙሕነት ሕብረተሰብ ንዘተ ይዕድም:

1. ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነት ናይ ካልእ ኩሉ ክብሪ የኽብር፧
2. ጭቡጥ ሰላምን ምትሕብባርን ውሑስ ብምግባር ዝተፈላለዩ ክውንነት የዋህድ፧
3. ጭዋነት ዳግም ብምርካብ እቲ ካልእ ገዛእ ርእሱ ናይ ምኚን መሰሉ ኣፍልጦ ምህብ፡

### ንዘተ ዘይድግፉ ኣገባባት ወይ ውን ተግባራት ኣየኖት እያቶም?

- ንኣብነት ኣብ ማሕበራዊ መርበብ እውን ክንገልጾ ዝከኣል ግብረ ምጥቃዕ፡
- ንኻልእ ጽን ንምባል ዘይፈቕድ ውልቀ ዘረባ፡
- ንኻልእ ብፍጡን በገባብን ምጥርጣርን ምውራድን፡

> “ሓቀይና ማሕበራዊ ዘተ ናይ ካልእ ናይ ኣረኣእያ ነጥቢ ምኽባር ይጠልብ”

ናይ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮ

FRATELLI TUTTI

ዘርእስቱ ዓዋዲ መልእኽቲ
ዛዕባ ሕውነትን ማሕበራዊ ምሕዝነትን

# ናይ ሓደ ሓድሽ ምርኻብ ኪደት


**ኣብ ናይ ሰላም ኪደት፡ ናይ ሓደ ዝተሓደሰ ምርኻብ መስርሕ ብሓቂ ኣገዳሲ እዩ፡**

- ኣብ ሓቀይና ዕርቂ፡
- ውልቃዊ ዘየጽንት ናይ ሓባር ውጥን፡
- ናይ ኵሉ ሰብ ክብሪ ኣፍልጦ ኣብ ምሃብን ውሑስ ኣብ ምግባርን ኣብ ምሕናጽን፡
- ዝተጓሕፉን ዝተናዕቑን ድኻታትን ሓለፋ ኣብ ምባልን፡
- ናይ ምሕረት ክብሪ ዳግም ኣብ ምሃብን ምስትውዓልን፡

## ኢየሱስ ፈጺሙ ዓመጽ ወይ ውን ዘይምክእኣልን ኣየጎሃሃረን፡ ወንጌል “ሰብዓ ሳዕ ሸውዓተ” (ማቴ. 18,22) ምሕዳግ ከምዘድሊ ይሓትት

**ሓቀይና ምሕረትን ሓቀይና ዕርቅን፡**

- ብዘተ ምስሕሓብ ምስጋር ኣብ ዓወት የብጻሕ፡
- ካብ ተጻብኦነትን ሕድ ሕዳዊ ጽልእን ናብ ምቑጣብ የብጽሕ፡
- ኣብ ፍቕሪ ንፍትሒ ዝጸንዔ ቀኑዕ ክትዕ የተባብዕ፡
- ምርሳዕን ካብ መቕጻዕቲ ናጻ ምዃንን ኣይጠልብን፡
- ኣብ ዕንኪላሎ ሕነ ፍዳ ኣይወድቕን፡



“ክንየው ናይ ሓሳብን ቋንቋን ባህልን ሃይማኖትን ፍልልያትና እግዚኣብሔር ልባትና ምስ ኣሕዋት ንምርኻብ ከርህዎ እምሕጸን”

ር.ሊ.ጳ. ፍራንቸስኮ

# ሃይማኖታት ኣብ ኣገልግሎት ንሕውነት ኣብ ዓለም

## ናይ ውሉድነት ርድኢት ጥራሕ እዩ ኣብ ማእከልና ብሰላም ንምንባር ዘኽእል፡

| | | |
|---|---|---|
| ዝተፈላለያ ሃይማኖታት ንሕንጸት ሕውነት ዝኸበረ ግደ ኣለወን፡ | እግዚኣብሔር ምድላይ ኣብ ጕዕዞና ዘሰንዩና ንኽነለልይ ይሕግዘና፡ **ኣሕዋት፡** | ናይ ሕልናን ናይ ሃይማኖትን ናጽነት ሕርመት ሰብኣዊ ፍጥረት ንድኽነት የቃልዕ፡ |

## ቤተ ክርስቲያን ምስ ርሁው ማዕጾ ሓደ እያ ምኽንያቱ ኣደ ስለ ዝኾነት፡

1. ድልድ ትዝርግሕ
2. መናድቕ ተዕንው
3. ዕርቂ ትዘርእ



## ኣብ መንጐ ሃይማኖታት ናይ ሰላም ጕዕዞ ክኡል እዩ፡

- ናይ መበገሲ ነጥቢ ናይ እግዚኣብሔር ጠመተ ክኸውን ኣለዉ ምኽንያቱ እግዚኣብሔር ብልቢ ስለ ዝርእይ፡
- ኣብ ተኣምኖተ ሃይማኖታት ዓመጽ መሰረት ኣይረክብን፡
- ቀኑዕን ትሑትን ኣምልኾ ንእግዚኣብሔር ሕይወትን ክብርን ናጽነት ናብ ምኽባርን የሰንይ፡

> ናይ ሃይማኖት መራሕቲ ሓቀይና "ተዛተይቲ" ንኽኾኑ ዝተጸውዑ እያቶም፡

## ናይ ክርስቲያን ናይ ሓድነት ጸሎት

ኣምላኽና፡ ናይ ፍቕሪ ስላሴ
ኣብ ማእከልና ካብቲ ሓያል ውሳጣዊ መለኮታዊ ሱታፌ ናይ ሕውነት ፍቕሪ ኣውሕዝ፡
እቲ ኣብ ናይ ኢየሱስን ኣብ ናዝራዊት ስድራ ቤቱን ኣብታ ቀዳመይቲ ማሕበረሰብ ክርስቲያንን
ወስታ ዝግለጽ ዝነበረ ፍቕሪ ጸግወና፡፡

ንኣና ክርስቲያን ወንጌል ንኽንነበርን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰብኣዊ ፍጥረት ክርስቶስ ንኽነለልይን
ስቑል ኢየሱስ ኣብቶም ናይ ዝተጠንጠኑን በዚ ዓለም ኣብ ዝተረስዑን ስቓይን ኣብቶም ካብቲ
ዝወደቑሉ በእጋሩ ዝትንስኡ ነፍሲ ወከፍ ሓው ንኽንርእይ ፍቐድ፡፡

ነዓ መንፈስ ቅዱስ! ጽባቔኻ ኣርእየና
ኣብ መላእ ሕዝቢ'ዛ መሬት እዚኣ ተንጸባረቐ
ኵሉ ኣገዳስን፡ ኵሉ ኣድላይን ዝተፈላለየ ወጅሂ ናይቲ ሓደ ብእግዚኣብሔር ናይ ዝተፈቕረ
ሰብኣዊ ኣካል እዩ፡፡.
ኣሜን፡፡